# ሓደ ቤተሰብኩም(እትፈትውዎ ሰብ) ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ወይ ብዶብ ፓትሮል እንተተኣሲሩ ክትገብርዎም ዘለኩም ሓሙሽንተ ነገራት።

*ንመወዳእታ ግዜ ዝተመሓየሸሉ ዕለት 19 ታሕሳስ 2025*

ኣብ 2025 ኣመሪካ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታታ፥ ኣብያተ ፍርዲ ኢሚግሬሽን፥ ከም ጎደነታት ዝኣመሰሉ ህዝባዊ ቦታታትን ምትግባር ኣይ ሲ ኢን (ICE) ክባ ኣብ ኣብያተ ስራሕ ሃንደበታዊ ምውሳኽ ኣጋጢምዋ። ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ወይ ካልእ ኣኽበርቲ ሕጊ ኢሚግሬሽን እንተተኣሲሩ፥ ብኸመይ ከም እትረኽብዎ፥ ሕጋዊ ሓገዝ ከም ዝረክብ፥ ኣገደስቲ ሰነዳት ከም እትዳሉ፥ ኣብ ዘድልዮም እዋን ደገፍ ከም እትህብ ኣብዚ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ መምርሒ ኣዚ ነዚ ኣጸጋሚ መስርሕ ንምንቅስቓስ ዝሕግዙ ሓሙሽተ ወሰንቲ ስጉምትታት የቕርብ፤

## 1. <u>ነቲ ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ዘለዎ ቦታ ከመይ ገይርኩም ትፈልጡ</u>


**ደረጃ 1:** ብዛዕባ እቲ ማእሰርቲ ዝርዝር ሓበሬታ ምእካብን ምስናድን:

- ዕለት፥ ሰዓትን ቦታን ማእሰርቲ
- ብዛዕባ እቶም ዝኣሰሩ ሓለፍቲ ሓበሬታ ምልላይ፥ ስም ትካልን ታርጋ መኪናን ሓዊሱ(እንተተኻኢሉ)
- ኣብ እዋን ርክብ ዝተብሃለ ዝኾነ ይኹን ነገርን እቶም ሓለፍቲ ከመይ ተኸዲኖም ነይሮም (መንነት ንጹር እንተዘኮይኑ)
- ኣገዳሲ: ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ኣኽበርቲ ሕጊ መሲሎም ውልቀሰባት ከም ዝጨውይዎ እንተጠርጢርኩም፥ መጭወይቲ ኣጋጢሙ ከይከውን ብቕልጡፍ ናብ ፖሊስ ደዊልኩም ሓብሩ።

**ደረጃ 2:** ነዚ ናይ ኦንላይን ሓበሬታ ዳህስሱ [ICE Online Detainee Locator System (ODLS)](https://locator.ice.gov).

ካብዚ ዝስዕብ ሓዲኡ ከድልየኩም እዩ:

- ምሉእ ስም፥ ዕለተ ልደት፥ ከምኡ'ውን ህሃገር ልደት **ወይ**
- ቁጽሪ መዝገብ ወጻእተኛታት (ረጅስትሬሽን ኣሌን ናምበር) (A#): ብሰበስልጣን ኢሚግሬሽን ዝተመደበ ፍሉይ 9 ኣሃዝ ዘለዎ ቁጽሪ፥ እዚ ከኣ ኣብ ወግዓዊ ሰነዳት ካብ ዩ ኤስ ኣይ ኤስ-(USCIS)፥ ወይ ካብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን፥ ወይ ፍቓድ ስራሕ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ መጀመርታ ርክቦም እንተኾይኑ፥ ሓድሽ A# ከምደበሎም እዩ።
- <u>*መተሓሳሰቢ:*</u> *እቲ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት <u>48 ሰዓታት ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገበረ ማእሰርቲ ከየንጸባርቕ ይኽእል እዩ።</u>*
- <u>*ሓገዝቲ ምኽርታት*</u>:
  - ፍልልይ ስም ፊትኑን ፄጋታት ኣጸሓሕፋ እንተሃለዩን መርምሩን ብፍላይ ምስ ምልክት ወይ ድርብ መወዳእታ ኣስማት፤ ኣብነት፥ ጋርስያ ቫስኩዝ (García Vasquez)ኣንጻር ጋርስያ ቫስከስ (Garcia-Vazques)።
  - ንዕለተ ልደት ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣጻሕፋ ዕለት ፈትኑ፥ ከም ወርሕን ዕለትን ምግልባጥ።
  - ኦ ዲ ኤል ኤስ (ODLS) መዝገብ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ከደሊ ኣይክእልን እዩ። ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ንምድላይ ሓገዝ፥ ኣባላት ስድራቤት ንቤት ጽሕፈት ዳግመ-ምጥያስ ስደተኛታት ሃገራዊ ማእከል ጻውዒት ብስልኪ ቁጽሪ 1-800-203-7001 ብምድዋል ክረኽብዎ ይኽእሉ። እቲ ማእከል 24/7 ክፉት እዩ።



# ሓደ ቤተሰብኩም(እትፈትውዎ ሰብ) ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ወይ ብዶብ ፓትሮል እንተተኣሲሩ ክትገብርዎም ዘለኩም ሓሙሽንተ ነገራት።

*ንመወዳእታ ግዜ ዝተመሓየሸሉ ዕለት 19 ታሕሳስ 2025*

**ደረጃ 3:** እቲ ናይ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ሓባሪ መዝገብ ናይ ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) እንተዘየርእዩ፥ ምስ ናይ  ኣይ ሲ ኢ  (ICE) ኢ ኣር ኦ (ERO) ናይ ግዳም ኣብያተ ጽሕፈትን (field offices) ክእሰሩሉ ዝኽእሉ ቦታታትን'ውን ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኣይ ሲ ኢ (ICE) ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከም ኣብነት ኣብ መዳጎኒ ማእከላት ኣይ ሲ ኢ (ICE)፥ ኣብያተ ማእሰርቲ ፈደራልን ኣብያተ ማእሰርቲ ከባቢን ውሲኽካ ንሰባት ከም ዝኣስር ኣብ ግምት ኣእትዉ። *መተሓሳሰቢ: ኣይ ሲ ኢ ( ICE) ንውልቀሰባት ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መዳጎኒታት ከሰጋግር ኣዝዩ ልሙድ እዩ። ብዘይ ምልክታ ወይ መብርሂ ናይ ም኿ን ተኽእሎ ኣሎ።*

| ትካል | ናይ ርክብ ሓበሬታ ሊንክ | ኣብ ግምት ዝኣትዉ | ኮድ ኣር ኪው |
|---|---|---|---|
| **ኣይ ሲ ኢ** | • ናይ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ትግባረን ናይ ግዳም ኣብያተ ጽሕፈት (field offices) ስርሒት ምእላይን (ምስጓግ)<br><br>• መዳጎኒ ቦታታት ኣይ ሲ ኢ (ICE) | ኣብቲ እቲ ሰብ ዝተኣሰረሉ ዝቐረበ መዳጎኒ ምእከል ወይ ናይ ግዳም ቤት ጽሕፈት (field office) ኣይ ሲ ኢ (ICE) ድለዩ። | |
| **ቤት ጽሕፈት ኣብያተ ማእሰርቲ:** | ቤት ጽሕፈት ኣብያተ ማእሰርቲ ፈደራል ናይ ዝተኣስሩ ሰባት ሓባሪ | እተን ንገበናት ፈደራል ብምጥሓስ ዝተኸሰሱ ሰባት ዝውዕላ ዝነበራ ኣብያተ ማእሰርቲ ፈደራል፥ ሕጂ ናይ ምስጓግ ጉዳይ ንዘለዎም ሰባት እውን ይውዕላ ኣለዋ። | |
| **ቆንስላት** | ናይ ወጻኢ ኢምባሲታትን ቆንስላትን ርክብ (ኮንታክት) ሓበሬታ | ዝተኣስሩ ሰባት ቆንስላዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እንተኾነ ግን ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ዑቕባ ሓቲቱ መንግስቶም እንተፈሪሑ ምስ ቆንስል ምርኻብ ንጉዳይ ዑቕብኦም ክጎድኦ ይኽእል እዩ። | |

## 2. ኣገደስቲ ሰነዳት ምእካብ

ንሕጋዊ መከላኸሊ ከድልዩ ዝኽእሉ ቅዳሕ ኣገደስቲ ሰነዳት ኣዳልዉን ሕዙን። ነዚኦም ድልው ጌርካ ምጽናሕ ነቲ ጠበቓ ዱልዱል ጉዳይ ኣብ ምምስራሕ ክሕግዞ ይኽእል።

እዚኦም ዝስዕቡ ሓዊሱ:

- መለለይ መንነት (ፓስፖርት፥ ናይ ስቴት ኣይ ዲ(ID))
- ሰነዳት ኢሚግሬሽን(ቪዛ፥ መጻዋዕታ ወረቀት)
- ምስክር ወረቐት ዕለተ ልደትን ዕለተ መርዓን
- መዛግብቲ ሕክምናን
- ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ሕጋዊ ወይ ናይ ቤት ፍርዲ ሰነዳት

## 3. ሕጋዊ ውክልና ምድላይን ዝቕጽል ናይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ዕለቶም ምልላይ

ኩነታት ቤተሰብኩም(እትፈትውዎ ሰብ)ን ዝቕጽል ናይ ኢሚግሬሽን ብያነን ብኢንተርነት ኣብ ኢ ኦ ኣይ ኣር ጉዳይ ኩነታት ፖርታል (EOIR Case Status Portal) ወይ ኣብ ናይ ኢ ኦ ኣይ ኣር (EOIR) ናይ ኣውቶማቲክ መስመር ቁጽሪ (1-800-898-7180) ብምድዋል ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም። A-ቁጽሮምን ዜግነቶምን ከድልየኩም እዩ።

| | |
|---|---|
| **ናይ ኢ ኦ ኣይ ኣር ፖርታል ጉዳይ ኩነታት** | |
| **መወከሲ ሃገራዊ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን** | |
| **ቅልጡፍ መልሲ ዝህብ መርበብ ህጹጽ መስመር** | |
| **ማሕበር ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓታት ኣመሪካ** | |
| **ናይ ኤ ኤስ ኤ ፒ ዝርዝር ናይ ውልቓ ጠበቓታት** | |

ሕጋዊ ደገፍ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መስርሕ ምእላይ (ምስጓግ) ወይ ናይ ቦንድ ብቑዕነትን ናይ ሕቶ መስርሕን ዘለዎም ኣማራጺታት ንምርዳእ ምስ ናይ ውልቂ ጠበቃ ኢሚግሬሽን ወይ ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከባቢኹም ብማሕበር ጠበቓታት ኢሚግሬሽን ኣመሪካ (American Immigration Lawyers Association) ወይ ብፕሮጀክት ተጣባቕነት ሓተትቲ ዕቑባ (the Asylum Seeker Advocacy Project) (ናይ ኤ ኤስ ኤ ፒ (ASAP) ዝርዝር ናይ ውልቂ ጠበቓትት) (ASAP list of private attorneys) ኣቢልኩም ናይ ውልቂ ጠበቓታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።. ሃገራዊ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን መወከሲ (National Immigration Legal Service Directory ) ፥ ኣብ ከባቢኹም ንመኽሰብ ዘይሰርሑ ወሃብቲ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዝርዝር ኣለዎ። ብሰንኪ ልዑል ጠለብ፥ ብኡንብኡን ካብ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ቕልጡፍ ሓገዝ ምርካብ በዳሂ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ንህጹጽ ደገፍ ንምርካብ ንኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቅልጡፍ መልሲ ዝህብ መርበብ ናይ ህጹጽ መስመር (Rapid Response Network of Hotlines) ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## 4. ርክብ ምቕጻልን ደገፍ ምሃብን

ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ንመጀመርታ ግዜ ኣብ መዳጎኒ ቦታ ምስ በጽሑ፥ መብዛሕትኡ ግዜ ንሓንቲ ሓጻርን ናይ ናጻን ቴሌፎን ናብ ዝመረጽዎ ሰብ ክድውሉ ይኽእሉ እዮም ። ኣብ ኣእምሮኦም ዝሓዝዎ ቁጽርታት ጥራይ ክድውሉ ከም ዝኽእሉ ኣይትረስዑ። ቴሌፎኖም ንምቕባል ድሉዋት ኩኑ።

ብድሕሪኡ ኣብ ኮሚሳሪ ሕሳቦም ገንዘብ ዘለዎም ውልቀሰባት ካብ ኣሃዱ ኣባይቶም ጻውዒት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ናብ ስድራቤት ህጹጽ ኩነታት እንተሃልዩን ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ስብ) እኹል ገንዘብ እንተዘይብሎን፥ ንሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ናይቲ መሳለጥያ ወይ ንሓደ ሰራሕተኛ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ብናጻ ጻውዒት ክሕሓቱ ይኽእሉ።ዝበዝሐ ጻውዒታት ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ክከታተሉን ክምዝገቡን ከም ዝኽእሉ ፍለጡ፤ ብዘይካ ናብ ጠበቓ ወይ ኤምባሲኦም ዝግበር ጻውዒት፥ እዚ ከኣ ምስጢራዊ እዩ።

ንቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ምስ ረኺብክምዎ፥ ብዛዕባ ናይ ርክብ ኣማራጺታት ንምፍላጥ ምስቲ መዳጎኒ ቦታ ተራኸቡ። ገለ ማእከላት ብኣካል ምብጻሕ ክፈቕዳ ከለዋ፥ ገለ ከኣ ብቪድዮ ጻውዒት ጥራይ ይፈቕዳ። ንገዛእ ርእስኹም ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት (ደረጃ) እንተዘይብልኩም ብኣካል ናብ መዳጎኒ ኢሚግሬሽን ኣይትብጽሑ።

መዳጎኒ ማእከላት ንዚኦም ብቐጥታ ስለ ዝህቡ፥ ከም ክዳውንቲ ወይ ምግቢ ዝኣመሰሉ ኣካላዊ ነገራት ብሓፈሻ ኣይፍቀዱን እዮም። ይኹን እምበር ከም ሕጋዊ ወረቓቕቲ፥ መጻሕፍትን ደብዳቤታትን ዝኣመሰሉ ነገራት ከከም ሕግታት ናይቲ ማእከላት ክፍቀዱ ይኽእሉ እዮም። ንውልቃዊ ድሌታት ወይ ተወሳኺ መግቢ ገንዘብ ክትሰድዱ እንተድሊኹም፡ ነቲ መዳጎኒ ትካል ከመይ ጌርካ ንቤተሰብካ (እትፈትዎ ሰብ) ኣብ ናይ ኮሚሳር ሕሳቡ ኣበርክቶ ከምትገብሩ ሕተትዎ።

*ኮሚሳሪ ሕሳብ (Commissary Account:) ኣብ ዝተኣስሩሉ እዋን ዝነበሮም ዝኾነ ገንዘብን ኣብቲ ዝተዳጎኑሉ ቦታ ከለዉ ዝረኸብዎ ዝኾነ ገንዘብን ይሕዝ። ቴምብር ንምግዛእ፥ ቴሌፎን ንምድዋል ዝብላዕ ወይ ካልእ ንብረት ንምግዛእ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ እንተተሰጋጊሩ፥ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ነቲ ዘሎ ሕሳቡ ናብቲ ሓድሽ ዝተሰጋገረሉ መዳጎኒ ከግዕዞ ኣለዎ። ዝኾነ ዝተረፈ ገንዘብ ምስተፈትሐ ወይ ካብ ኣመሪካ ምስ ተሰጎጉ ክምለስ ኣለዎ።*

## 5. ድሕሪ ምእሳርም ጉዳይ ናይ ቤተሰበይ (ዝፈትውዎ ሰበይ) እንታይ ይኸውን?

ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ኣብ ቅድሚ ዳኛ ኢሚግሬሽን ክቐርብ መሰል ክህልዎ ይኽእል እዩ። ገለ ሰባት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ንምቕራብ (ንብይን) ብቑዓት ኣይኮኑን ንኣብነት ብምኽንያት ውንዙፍ ናይ ምስጓግ(ምእላይ) ትእዛዝ፥ (ቅድሚ ሕጂ ክጥረዙ ተኣዚዞም ግን ኣይወጽኡን)፥ ኣብ መስርሕ ቅልጡፍ ምእላይ (ምስጓግ) እንተሃልዮምን ናብ ዓዶም ናይ ምምላስ ስግኣት ከምዘለዎም እንተዘይገለጹን፥ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ተሶጉጎም ብዘይ ፍቓድ ዳግማይ ናይ ኣመሪካ ዝኣተዉ እንተኾይኖም። ከከም ኩነታት ናይቲ ጉዳይ ቤተሰብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ነቲ ዝተመደበሎም መስርሕ ፍርዲ (ብይን) እናተጸበዩ እንከለዉ ብቦንድ (ብዋሕስ) ክፍትሑ ወይ ምሕረት ክግበረሎም ክሕሰብ ይኽእል።

ቤተስብኩም (እትፈትውዎ ሰብ) ብዛዕባ ጉዳዮም ወይ ሕጋዊ ኣማራጺታቶም ሕቶታት እንተሃልይዎም፥ ኣብ ኩሉ ኣሃዱ ኣባይቲ ዝርከብ ውሑስ መስመር ቴሌፎን ተጠቂሞም ነቶም ኣብ ዝርዝር ወሃብቲ ናጻ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኣይ ሲ ኢ (ICE’s) ዘለዉ ጠበቓታት ክድዉሉ ይኽእሉ እዮም። እዞም ኣገልግሎት ልዑል ጠለብ ስለዘለዎም፥ መስመራት ጽዑቕ እንተኾይኑ ደጋጊሞም ክፍትኑ ይግባእ። ብተወሳኺ ካብ ዝኾነ ናይ ኣይ ሲ ኢ (ICE) መሳለጥያ ውሑስ መስመር ቴሌፎን (American Bar Association) (ABA) 2150# ብምድዋል ናብ መስመር ሓበሬታ ሕጋዊ ኣንፈት ናይ ባር ማሕበር ጠበቓታት ኣመሪካ (ባር ኣሶሴሽን ኦፍ ኣመሪካ) (ABA) ክድውሉ ይኽእሉ

## Additional

**ተወሳኺ ምንጭታት**

| | |
|---|---|
| **ሃገራዊ ፕሮጀክት ኢሚግሬሽን National Immigration Project)- ሓደ ኣባል ማ ሕበረሰበይ ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ተኣሲሩ እንታይ ክገብር እየ? (እቲ ሓበሬታ ብ ኢንግሊዝ፥ ስፓንሽ፥ ሄይቲን ክሪኦልን ኣሎ)** | |
| **መሰላትኩም ፍለጡ: ብ ኣይ ሲ ኢ (ICE) ዝተኣስሩ ወለዲ ክፈልጥዎ ዘለዎም ሓሙሽተ ነገራት (ሓበሬታ ብኢንግሊዝ፥ ስፓኒሽ፥ ሄይቲን ክሪኦልን ኣሎ)** | |
| **ኢምፖርታኤማይ (ImportaMi) ዓቢ ዓንቐጽ ሓበሬታ ኣልዎ ብዛዕባ እንታይ ይግበር ናይ ምእላይ (ምስጓግ) ትእዛዝ እንተ ሃልይኩም ንዝብል።** | |
| **A ቁጽሩኹም ንምድላይ ተወሳኺ ሓገዝ እንተደሊኹም ነዚ ዓንቀጽ ኢምፖርታኤም ኣይ (ImportaMi article) ተወከሱ።** | |